

# ዕዮ መንፈስ ቅዱስ
## ራብዓይ ቅጽል

ምመ ተኪአ መብራህቱ

## 1. ኣብ ኣመንቲ - ብቕዓት

ሓዲስ ኪዳን ንብቕዓት ተመክሮ ብመንፈስ ዝምልከቱ ዝጥቀመሎም ሰለስተ ሓረጋት፡ *ምልባስ* ሓይሊ ካብ ላዕሊ፡ *ምልኣት መንፈስ ቅዱስ* ከምኡ ድማ *ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ* ንምስክር ወንጌል የጠቓልሉ።

### 11. ምልባስ ሓይሊ ካብ ላዕሊ ንምስክር ወንጌል።

> "እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰ ደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም።" (ሉቃ 24:49)

እዚ *ብምልባስ* ሓይሊ ካብ ላዕሊ ተሓቢሩ ዘሎ ተመክሮ፡ እቶም ደቀ-መዛሙርቲ ካብ ኣምላኽ እተላእከ ተመክሮኦም ክኸውን ቀሊሉ ክብልዎ ዝነጽሑ ብየሱስ ክርስቶስ እተተስፈዉዎ ምኸኑ የመልክት።

እቲ ካብ ላዕሊ ዝመጽእ ከም ምልባስ ሓይሊ ኰይኑ ተገሊጹ ዘሎ ተመክሮ እንታይ ምኻኑ ኸኣ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 1:8 ተወሳኺ መብርሂ ይህበሉ።

> "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ክትቅበሉ … ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም።"

እቲ ዝለብስዎ ሓይሊ ካብ ላዕሊ፡ ተመክሮ ናይ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ድማ መለኮታዊ ብጻይነትን ሓይልን ናይ መንፈስ ቅዱስ ንምምስካር ወንጌሉ ብቑዓት ዝገብሮም እዩ።

እዚ ተስፋ ጥራይ ዘይኰነስ ተመክሮ ህይወት ኰይኑ ከም እተፈጸመ ግብሪ ሃዋርያት ደጋጊሙ ዘብርሆ ሓቂ እዩ።

> "… ኵላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ ቃል ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ። … ሃዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡ ኣብ ኵሎም ከኣ ዓብዪ ጸጋ ነበረ" (ግብ 4:31ን 33ን)።

### 1.2. ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ንምስክር ወንጌል።

ነቲ ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ኺገልጾ ኸሎ ብተወሳኺ "ኵሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም…" ኢሉ ይገልጾ (ግብ 4:2)።

ከምኡ'ውን መንፈስ ቅዱስ *መልኦም* ዝብል ኣገላልጻ ሓያለ ጊዜ ተደጋጊሙ ንረኽቦ (ግብ 4:8ን 31ን 6:3ን 5ን 7:55 9:17 11:24 13:9-10ን 52ን)

ንኹላቶም ኣመንቲ ብስራት ወንጌል ከበስሩ ብቑዓት ዝገበሮም እቲ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፡ ኣባታቶም ዝሓደረ መንፈስ ቅዱስ - ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ዝብሎ እዩ።

## 1.3. ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ንምስክር ወንጌል።

እዚ ኣቐዲሙ ከም ምልባስ ሓይሊ ካብ ላዕሊ፡ ከም ምምላእ ብመንፈስ ቅዱስ ኰይኑ ተገሊጹ ዘሎ ተመክሮ፡ ከም "ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ" ኰይኑ ድማ ተገሊጹ ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ዕርገቱ ንሰማይ፡

> "ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቕሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክት ጥመቑ ኢኹም እሞ፡ ነቲ ኻባይ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ኣቦይ ተጸበዩ፡ ኢሉ፡ ኻብ የሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም" (ግብ 1፡4-5)።

እዚ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ኢሉዎ ዘሎ ተመክሮ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ከበስሩ ብቑዓት፡ ብርቱዓት ዝገብሮም ህያብ በረኸት ኣምላኽ ምዃኑ፡ ንጹር እዩ።

ሰለስተ ሓረጋት ናይ ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ዝረኸብዎ ከም፡

(1) ምልባስ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡

(2) ምልኣት መንፈስ ቅዱስ፡

(3) ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ እናበለ ይዛርቦም።

እዚ ድማ ብዛዕባ እንታይ ይዛረብ ከም ዘሎ እኹል ምርዳእ ነይርዎም።

እዞም ሃዋርያት እቲ ዘንፍዖም፡ ዘኽእሎም፡ ዘዕጥቖም ብጻይ ከም ዝረኸቡ፡ ንሱ ድማ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ እኹል ምርዳእ ነይርዎም። ከምቲ ምርድኦም ድማ ኣብ ህይወቶም ኣመስኪሮሞ። እዚ ኣብ እቲ ናይ ሰላሳ ዓመታት ታሪኽ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ተነጊሩ ዘሎ ጸብጻባት እዩ።

እዚ ጸጋ እዚ፡ ንኣመንቲ፡ ንምብሳርን ንምምስካርን ወንጌል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብቑዓት ዝገብረና ከይቀሃመ ክንገር፡ ክኹስኰስ ዘለዎ መልእኽቲ እዩ። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ፡ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብዚ ዘበንና ከምቲ ተስፋ ቃሉ ኼሳወር ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ድሌትን ጸሎትን ክኸውን ዘለዎ እዩ።

እምበኣር፡ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፡ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ፡ ምልባስ መንፈስ ቅዱስ እቲ ኣመንቲ ንምምስካር ወንጌል ዝምኰርዎ ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ ተሓቢሩ። በዞም እተፈላለዩ ሓረጋት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ እንረኽቦ ዝተሓላለፍ ዘሎ መልእኽቲኸ እንታይ እዩ?

# 2. ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ

## 2.1. ጥምቀት።

ስርዓት ናይ ጥምቀት ማይ ጐሊሁ እንርእዮ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ዮሃንስ መጥምቅ እዩ። ቀጺሉ ድማ ደቀ-መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ የጠምቑ ከም ዝነበሩ ንምልከት። እቲ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዚብል ሓረግ ዘተሓላልፎ መል

እኹቲ፡ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ጥምቀት ማይ ናይ ዮሃንስ ትእምርቲ ብምግባር ስለ ዝኾነ ኣቐዲምካ ኣብኡ ምስትብሃል ግቡእ እዩ።

ጥምቀት፡ እቲ መባእታዊ ሃይማ ኖታዊ ብሂሉ፡ ብመሰረት ናይ እቲ እተነግረካ ብስራት እትወስዶ ናይ ኵለንትናኻ ኣብ ማይ ምጥላቕ፡ ካብቲ ዝጠለቕካዮ ማይ ድማ ምውጻእ የምልክት። ስለዚ እቲ ጥምቀት ናይ ማይ ምሳሌ ናይ እቲ ኣመንቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝጥመቕዎ ጥምቀት እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኵለንትንኦም ዝሰረጸም፡ መንፈስ ቅዱስ ዝዓብለሎም ማለት እዩ። ሓሳባቶም፡ ስምዒቶም፡ ተግባራቶም፡ ኵለንትናኦም መንፈስ ቅዱስ ዝተቘጻጸሮ፡ ዝመርሖ ድማ የስምዕ።

> “በተን መዓልትታት እቲኤንሲ ኣብ ስብኡትን ኣንስትን ባሮት እኳ መንፈሰይ ክኸዑ እየ።”
> (ዮኤ 2፡29)

እምብኣርከስ፡ ነፍስወከፍ ኣማኒ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፡ ተመክሮ ህይወቱ ክኸውን ትምህርቲ፡ ትእዛዝ፡ ተስፋ ናይ ሓዲስ ኪዳን ምዃኑ ተገንዚቡ ኸተግብሮ ዘለዎ ግቡኡ እዩ።

## 2.2. ምልኣት።

እዛ ኻልኣይቲ፡ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ እትብል ሓረግ፡ ዝበዝሐ ተጠቒሳ እትርከብ እያ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡ ብዛዕባ ተመክሮ እቶም ናይ ሽዑ ዝነበሩ ኣመንቲ እትሕብር ድማ ንሳ፡ እታ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ እትብል ሓረግ እያ።

በቲ መበል ናይ ሓምሳ መዓልቲ-ጰንጢቆስጢ፡ እቶም ሚእትን ዕስራን ኣቢሎም ዝኾኑ ደቀ-መዛሙርቲ የሱስ፡ ሰብኡትን ኣንስትን፡ ኣብ የሩሳሌም ዝተመኰርዎ ኺገልጾ ኸሎ ሉቃስ፡ “ኵሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም …” ይብል (ግብ 2፡4)።

ድሕሪ ሓያሎ መዓልቲ ብዛዕባ ተመክሮ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኪዛረብ ከሎ ድማ፡ “ሽዑ ጴጥሮስ መንፈስ ቅዱስ መልአ እሞ፡ በሎም … ” ይብል፡ (ግብ 4፡8)።

እቶም ኣመንቲ ካብ ቤት ማሰርቲ ምስ ወጹ እሞ ብዛዕባ እቲ ዝተኣሰርሉ ጕዳይ ክጽልዩ ከለዉ ዝኾነ ድማ፡ “ምስ ለመኑ ኸኣ፡ … ኵላቶም መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ቃል ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ” ዝብል ነንብብ (ግብ 4፡31)።

ቀጺሉ ብዛዕባ እስጢፋኖስ ከመይ ዝበለ ኣማኒ ምንባሩ ኪገልጽ ከሎ ድማ፡ “ንሱ ግና መንፈስ ቅዱስ መልአ” እናበለ ክዛረበሉ ኸሎ ንርኢ (ግብ 7፡55)።

ኣብ ከተማ ደማስቆ፡ ሃናንያ፡ እቲ ንጳውሎስ ንመጀመርታ ናብ ተመክሮ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ዝመርሖ ኣማኒ፡

> “… ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ ኸኣ፡ ኣታ ሳውል ሓወይ፡ እቲ ኽትመጽእ ከሎኻ ኣብ መገዲ እተራእየካ የሱስ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን፡ ናባኻ ልኢኹኒ በሎ” (ግብ፡ 9፡17)።

መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ብዛዕባ

በርናባስ ኪገልጽ ከሎ፡ "… ንሱ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልኦ ሕያዋይ ሰብኣይ እዩ" ይብል (ግብ 11፡24)።

ብዛዕባ እቶም ኣብ ኣንጾክያ ከተማ ጲሲዲያ፡ ኣብ ቱርኪ ዝነበሩ ምእመናን ኪዛረብ ከሎ ድማ፡ "እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ሓጐስን መንፈስ ቅዱስን መልኡ" ይብል (ግብ 13፡54)።

ተመክሮ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ናይቶም ኵላቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ምንባሩ፡ ኣብ የሩሳሌም ኰነ ኣብ ቱርኪ፡ ኣብ ካልእ ቦታታት እውን ነቕልበሉ። ከምቲ ጥምቀት ዝህበና ኣእምሮኣዊ ስእሊ፡ እቲ ምልኣት ዝህበና ድማ ከምኡ ተመሳሳሊ እዩ።

ከም ትምህርቲ ሓዲስ ኪዳን ክርስትያን ምዃን ብምልኣት ድኣ እምበር ብኽፊል ቦታ የብሉን። ስለዚ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ድማ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ ቅዱስን ንኣገልግሎት ብስራት ወንጌል ድማ ብቑዕን ዚገብር እዩ።

## 2.3. ምልባስ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ።

የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ዕርገቱ ንሰማይ፡ ንደቀ-መዛሙርቱ ኺሰናበቶም ከሎ፡

> "እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደ ልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም" (ሉቃስ 24፡49)።

እዚ እቶም ድቀ-መዛሙርቲ የሱስ ክርቶስ ብተመክሮ ኺፈልጥዎ ዘለዎም ተስፋ፡ ምልባስ ሓይሊ ካብ ላዕሊ እንታይ ከም ምዃኑ ምእንቲ ከይደናገሩ፡ ንሕና እውን ከምኡ ኽይንደናገር፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 1፡8 መሊሱ ኸብርሆ ከሎ ንርኢ።

> "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ብዘላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም።"

እቲ ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ንምስክር ወንጌል ትብዓት፡ ሜላ፡ ራእይ ከም ዝሃቦም ንግንዘብ። እዚ ኣብ ግብሪ ከም እተተ ርጐመ ግብሪ ሃዋርያት ከብርሆ ከሎ፡

> "… ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡ ኣብ ኵሎም ከኣ ዓቢ ጸጋ ነበረ" ይብል (ግብ 4፡33) ይብል።

ናይ እዚ ተመክሮ እዚ ኣብነት ካብ ዝኾኑና ሓደ እስጢፋኖስ እዩ። ብዛዕባኡ ድማ እዚ ዘስዕብ ነንብብ፡

> "… እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልኦ ሰብኣይ፡ እስጢፋኖስ፡ ድማ ጸጋን ሓይልን መሊእዎ ነበረ …" (ግብ 6፡5ን 8ን)።

ቀጻሊ ትምህርቲ

ካብቲ እትብልዎ ብዙሕ ስለ እንመሃር፡ ስለ እቲ እትሰድዎ ርእይቶን ምኽርን ሃናጺ ነቐፌታታትን ዝሓዘ ደብዳቤታት፡ ብሕልፊ ኸኣ ብዙሕ ኢመይላት ብሓቂ ነመስግን። እሞ ካብ ምስዳድ ኣይትቑጠቡ።